# ሰብ መንነት ኢና

መንነት ብመንነቱ ሓለፋ ዘለዎ
ስዉእ ዝተበጀዎ ፧ ደም ቀይሕ ዝተኻዕዎ
ወሎዶታት ዝሓተተ ገናሽል ዝተመገበ
ቦኽሪ ምስ ሕሳስ -ልደ ሓደ ድሕሪ ሓደ ዘሰዓበ

ሩሕ ዝተመነነሉ ሂወት ኣባጽሕ ዝመንዘዐ ክብሪ
ባብ ዘርሑ ሓደ እኳ ዘይገደፈ ነዛ ምቕሊ
ጎይታ ዕድል ንምኺን ወናኒ ዘሕብን መንነት
ብትኳበ ምጽወታ መዓስ ተረኺቡ ዘብል ኤርትራውነት

ብወርቂ ቢያቲ መን ለጊሱልና ተኾይጥና መንበር
መን ጎኒዑልና ክንከውን ሰብ መንነት ሰብ ሃገር
ገጸ በረከት ዶ ኾይኑ ዝወረደ ማና ናጤባ ሰማይ
መንነትና ብደም ዝተረከመ እምበር ብደም ተጋዳላይ

ነዛ ህላወ ምንባር ሎሚ ምስ ኩሩዕ መንነት
ደረትካ ትነፍሓሉ ትሕበነሉ ዜግነትካ ኤርትራውነት
ርሱዕ መሰልካ ክትምንዝዕ ካብ ኣፍ ተኺሉ
ተካል ወቕቲ ኣጽቢሕካ ግብታ ጸላም ዘመኑ

እቲ ዕሽል ብሳንጃ (ካራ)ካብ ዕትብቲ ኣዲኡ
ዘርኢ ሃገር ከይከውን ንሞት ተፈሪዱ ብግዲኡ
እቲ ኣቦ ከይስስን ጂሩ ደምበ መሊኡ ከይበዝሕ
መንነት መታን ክጸንት ኣደ ውን ተገዊሓ ብዘሰካሕክሕ

በጽሒ ተሞቂሑ ብስልኪ ተሓኒቑ
ኣብ ሽላ ማሕቡስ ንስለ መንነት ብዘይ ኣሰር ሕቑቑ
ኤርትራዊ ምኺን ገበን ኮይኑ ያኢ ተፈሪዱ ንምጽናቱ
ካብ ካርታ ዓለም ክሕከኽ ክበርስ መንነቱ

ሕጂን ከኣ ነዛ ደም ቀይሕ ኣዝሪና ዝመንዛዕናያ
ዝሓተተቶ ዋጋ ከይተገበዝና ጆባእ ዝበልናያ
ጫሌዳ ኣንቆራ ፈልዮም ብመንነት ዝዋገዩ
ኤርትራውነት ዘራኽሱ ጨጪሖም ኣብ ቅልውላው ዝተጸፈዩ

እንተ መንነትና ተራ መንነት መዓስ ኮይኑ ርዝነቱ
ዛዕጊ ደም ድርቃም ዓጽሚ እንዲዩ ሓቲቱ
ሰብ መንነት ክንከውን ሰብ ክብሪ ሰብ ሪም ርስቲ
ብሉጻት ኢና ሂብናላ ከፊልናላ ክቡር መስዋእቲ

ዓወት ንሓፋሽ

ኣሽናፊ ኣብርሃም (ኣሼ)
23/12/2016 ጀርመን